ኣላዲ

ግንቦት 8/ 2012 ቅፅ 1 ቁፅሪ 2



ዛንታ
ፀፀት ሂወት

ስፖርት
ሕልሚ ኣብ ሙሽጢ
ዕብዳን ዝእከብ ሃፍቲ

ታሪኻዊ ሂወት
‹‹ክንድቲ ዝሰርሑ
ዘይተሰረሐሉ ኣታኽልቲ››



ዲጂታል መፅሔት ብቋንቋ ትግርኛ

03 መልእኽቲ ኣዳለውቲ

04 መግዚ

06 ጥዕና

07 ታሪኽ ሂወት

10 ሓድጊ

11 ኣብርሆት

13 ስፖርት

ዝተኹበርኩም ኣንበብቲ መፅሄት ኣሃዱ አብዚ ዝተአናገዱ ፅሑፋት ናይቶም ፀሓፍቲ እምበር ናይቲ መፅሄት ኣዳለውቲ መርገፂ ከምዘይውክል ክንገልፀልኩም ንፈቲ።

መልእክቲ
አሰናዳእቲ

ከምቲ ዝፍለጥ ሃገርና ከምኡ እውን ዓለምና ኣብ ከቢድ ፈተና ትርከብ። ብዓለምለኻ ተላቢዱ ዝርከብ ሕማም ኮቪድ 19 ህይወት ብዙሓት ካብ ምውሳድ ሓሊፉ ማሕበራውን ቁጠባውን ቀውስታት ኣብ ምፍጣር ይርከብ። ኣብ ክልልና እውን ዝተወሰኑ ወገናትና በዚ ሕማም እናተጠቅዑ እዮም። ነዚ ክትባት ይኹን መድሓኒት ዘይተረኽበሉ ሕማም ዓርስና ክንከላኸልን ብሰብ ሞያ ጥዕና ዝወሃቡና ማዕዳታትን መምርሕታትን ተግባራዊ ብምግባር ህይወትናን ህይወት ካልኦትን ክነድሕን ይግባእ።

ሕማም ኮቪድ 19 ዛጊድ ልዕሊ 4.5 ሚሊየን ሰባት ዘጥቀዐ ኾይኑ ካብዚኦም 85 % በቲ ሕማም ተታሒዞም ብቀሊሉ ዝደሓኑ ፣ 15% ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ኣትዮም ክትትል ክግበረሎም ድሕሪ ምፅናሕ ህይወቶም ዝሰኣኑንን እዮም። ካብዚ ቁፅራዊ መረዳእታ ከምንሪኦ በዚ ሕማም ተታሒዝካ ማለት ህይወትካ ክሓልፍ እዩ ማለት ከምዘይኮነን ናይ ምድሓን ተኽእሎ ዝለዓለ ምኻኑን እዩ። ስለዚ ተኽታተልቲ ኣሃዱ ዲጂታል መፅሄት ዓርስኹም ካብዚ ሕማም ክትከላኸሉን በዚ ሕማም ተታሒዝኹም ማለት ህይወትኩም ክትስእኑ ኢኹም ማለት ከምዘይኮነን ተረዲእኹም ኣድላዪ ጥንቃቐን ክትትልን ክትገብሩ ንላቦ።

ፅቡቅ ንባብ ይኹነልኩም!

ኣሰናዳእቲ

ሳሙኤል ገ/ማርያም
ኣታኽልቲ ደጄኔ
ኣንጋፋው ዮሴፍ
ጠዓመ ገ/ሄር (Thom G)

ዲዛይን መፅሄት

ኣንጋፋው ዮሴፍ
ኣታኽልቲ ደጄኔ

ኣሃዱ ዲጂታል መፅሄት
ahadu digital magazine

ahadumagazine



ወግዒ

(ዮናስ ሓረጎት)

ኻልኣይ ኽፋል

ለዐንበበቶ ዕንበባ ተይለኸፍኽዎይ ለዚዙ ምስ ርአየት ፤ ዕንበባ ኣይትፎትይ ግዲ ትብለኒላ። ምጥማይ ስምዒት ድዩ?? ብሓደ ግዜ ስሚዒትና ካብ ሓደ ብላዕሊ ልኾኑ ነገራት ይደሊዶ?? ኽብድና ናጥሜት ስምዒትና ጥራሕ ድዩ ልገልፅ?? ላበይ እየ ልኾልልለኹ??

ኣብ ሞንጎ ተን ኽልተ ዓራት ጠረጴዛ ፣ ሀም መቐመጢ ኽዳንይ መቐመጢ ሰብ ልጥቀሙላ ቁምሳጥን እኒሃ። መጎዝጎዚ ስለለይብሉ ኣፍቲ ቕምሳጥን ከፍ ኢልኻ ኣፍቲ ዓራት ትጉዝጎዝ። ቡና እኪ ባዕላ መፂኣ እያ ትህበኒላ፥ ኣነ ቕንዕ ላበልኹ እየ ልቕበል እለኹ። ሓመድ ይብልዑ ዞም FM ፣ የፅቡቕ ነገር ኣውጊያም ፍቕርና ኣጠንኪሮምዎ ፤ የፅቡቕ ሓሳብ ኣልሚሎም ካብ 'ታይ ከዉግዓ??' ገላጊሎምኒ ሹሽ ይብለዉ። (ልምንታይ ሓመድ ይብልዑ ይበሃል?? ልሕሩጭ ምቕሓም የኾነይ ድዩ ልበሃል?? ሕሩጭ ልእኽሊ ጥራሕ ዲና ንጥቀመሉ?? ወዲቕ ስብርብር ልልበለ ብርጭቆ ሕሩጭ ኾይኑ ንብል ዶ?? ለይተጀመረ ነገር ይጥንክር ድዩ?? ለየለ ነገር ክጥጥዕ ዶ የኾነይ ልበሃል??) ሹሽ ምሐሸ ለፍለጠ ፥ መብራህቲ ሓይሊ-ኽ ታይ ኾይኖም ለሙዓንቲ ለየጥፍእዋ?? ግስም ኣቢሎም ምገላገሉኒ ምሐሸኒ። ኣብ ናቴሌቪዥን ሹሽ ብባዕለይ ልፈጥሮም ምስሊ እኒሀው ፤ ብፃዕዳይ ፀሊምይ ነጥብታት ልተሰርሑ ምስሊታት። ኣብ ናሬድዮ ሹሽ ታይ ክፈጥር ይኽእል??

ለቓሊቓ ምስ ወድአት ኣልበም ፎቶክተርእየኒ ኣብጎነይ መፂኣ ከፍኢላ፥ ነገር ድኣደልያእምበእንካርአ ኢላ ሱቕ ለይምበለት? ኣተረጓጉማይ ተኾነኸ?? ቡናዶ ንዓ ስተኢላሱቕ ኢላእያ?? የባዕላይ ድያ ተፍልሑላ?? ምግቢ ብላዕ ተትብል ባዕለይ ጊባቦ ኽፊተ ድየ ክበልዕ ነይረ?? የባዕላይ ድያ ቐሪሳ ተቐርበለይ??

መፂኣ ከፍ ምስበለት ሃፈፀ ኣቢላትኒ፥ 'ቐሪ ምድሪ ታይ እዩ ዙኹሉ ሙቐት ኢለ ክቕልድ ኢለ ነይረ'፥ ናመኒና ምኳኑ ልምርግፃፅ ቕሩብ ክፀንሕ ኢለ ዉሒጠያ። ስሒነያ ልብል ደርፊ ኣብ FM ይሰምዕ እለኹ። ልርእስኻ ይግበሮ ይብለኹ ብዉሽጠይ። ኣፍቲ ሓደ ፎቶ ዙኳ ምስ ደቂ መንደራ ልተልዓለቶ፥ ምስኣ ነበራ ቐልዑ ክቁንጅያ። ኣዕሩኽትኺ ቆናጁ ክብል ይኽእል ዶ??

ልኾነ ፎቶ ርእይ ኣቢለ ክሓልፎ ክብል ፥ ዉይ-ዉይ እዚ'ማ ረአዮ ኢላ ኢደይ ሒዛ መሊሳቶ። ልርአኽዎ ነገር እዚማ ርአዮ ምባል ታይ ኣድለያ?? እዚማ ድገሞዶ ኣይትብልይ?? ምባል ትበል እዚማ ርአዮ ኢላ ህንድኣፍ ትገልፆ ኢደይ ሒዛ ለግለፀትኒ ታይ ኾይና?? ኢድ ህንድዚ ይሞቕ ድዩ?? ምንም ልርአ ኣብ ለይብሉ ፎቶ ኢዳ ካብ ኢደይ ልለይምፍላይ ክብል ተገሪመ ኣትኹረ ዙፎቶ ይሪኦለኹ። ተገሪመ ክሪአ ተለኹ ታይ ይመስል?? ኢደይ ጮብጥ ተበለኒ ተላ ደስ ኢሉኒ ፤ ኽርና ጮብጥ ኣቢላ ትሞቕለኻዶ መስለኒ ትብለኒላ?? ታይ ኾይና ፈሪሓትኒ?? ታይ ኣሰኪፍዋ ትፈልሕለኻዶ መስለኒ ለይትብል??

ወግዒ

ዙ ፎቶ ምስተወድአ ታይ ሀምንገብር ይሓስብ'ለኹ። ፅቡቕ ነገር ስለልሓሰብኹ በፍጥነት የሕልፎለኹ። ኣይኸድይ ኢሉ ምስኣበየኒ ህንደይ ሀምልቐረየኒ ልምርግጋፅ ድንን ኢለ ሪአዮ፥ ቕንዕ ትብልተለኹ ተጋጪና- ኣነ ልፈልጥ ሰብ ብግንባሩ ክጋጨ ተሎ እዩ ሀመይ ኢልና ብከንፈርና ተጋጪና?? ህንድዚ ዶ ደኒነ ነይረ እየ ወይስ እሳ እያ ምስ ደነንኹ ላባይ ቐሪባ?? ኣብ ጎነይ ምሳይ ከፍ ካብ ትብል ፊትለፊት ኸዚ ሪአያ ፥ ዓይና ይዝክር ፃዕዳይ ፅሊምይ እዩ ነይሩ ፥ ኸዚ ታይ ኾይኑ ቐይሕይ ቡኒይ ኾይኑ?? ድዩስ ናየ ዓይኒ እዩ ኣዛቢው ለርእየኒሎ??

ብቱኩስ ሃፋ ተዓጂቡ ፥ ትሕት ልበለ ድምፂ ፥ መልሲ ተይተፀበየትይ ሓንቲ ጊዜ ተዓመት ኢላትኒ ፤ ልኣኺ የኾነይ ሓንቲሻዕ ዕድመ-ልክዐይለ ይዕመተልኺ ኢለ የጀንጀንኽዋይ። ትእዛዝ እዩ፤ ትዕመት ዶ የኾነትይ ኢላ። ህራስ ኣዚዙኒ እኳ ዓይነይ ይዕምት'ለኹ የኾነይ እስኺ። ታይ ላሓሰብኹ ክዕመት??? ካብ ቐረባ ልመፅእ ሃፋ ሃፈፅ የብለኒሎ ፥ ባህርዛፍ ድያ ትዓጥነኒላ???

ተዓሚተ ህንድዚ ነዊሑኒ ኣይፈልጥይ። ክዕመት ተለኹ ኣብ ልፈጥሮ ፀልማትለ ህንድዚ ፈሪሐ ኣይፈልጥይ። ህንድዚ ድዩ ኽ ፀልማት?? ደኺሙኒ ካብ ለሐጉሰኒ ነገር ህራስ እዩ። ሀመይ ኣብ ህራስ ታሕጓስ ይግነ?? ሀመይ ኣብ ፀልማት ምኗን ደስ ይብለኒ?? ሲኦል ፀልማት ድዩ?? ድዩስ ገነት ብብርሃን ስለልቐረፀኽዎ እዩ?? ኣውዚ ይጥርጥር ፤ ናማን ግን መኒኡ እዩ ናታሕጓስ ገዛ?? ልምንታይ ሕማቕ ነገር ብፀልማት ንውክል?? ናፀልማት ሕብሪ ላብ ፀሊም ዶ የመዝን?? ናብርሃን ሕብሪ ታይ እዩ??

ዞም FM ካብ ርእሰይ ምዉራድ ኣብዮምኒ.... ተትሪእኒ ምገገኽኒ ይብሎ። ዙ ገጣሚ ኣብ ዳፀባ ላተጨወተ ሓመድ ብሓመድ ኾይኑ ድዩ ገጢምዎ ወይስ ናምርሰዕ ሕማም እኒሀዋ??

ዮናስ ሓረጎት /ፌደል/



ጥዕና

ፀጋታት ድቃስ

ወድ ሰብ ኣብ ሓደ መዓልቲ ካብ 7 ክሳብ 8 ሰዓት ክድቅስ ይምከር። ምኽንያቱ እኹል ድቃስ ካብቲ ንረክቦ ዕረፍቲ ብተወሳኺ ብዙሓት ረብሓታት ጥዕና ኣልውዎ።ካብዞም ረብሓታት ዝተወሰኑ ሒዝናልኩም መፂና ኣለና።

ድቃስ ዓቅሚ ምስትዋስ ሓንጎልና የመሓይሽልና

ክሳብ ሐዚ ተመራመርቲ ንምንታይ ከምንድቅስ ሙሉእ ብሙሉእ አይተረድእዎን ምባል ይከኣል። ኽይኑ ግና ድቃስ ናይ ምስትዋስ ክእለትና ከምዘማሕይሽልና ብመፅናዕቶም በፂሖምዎ እዮም። ክንድቅስ ከለና ኣካልና ክዓርፍን ሓንጎልና ድማ ሙሉእ መዓልቲ ዝገበርናዮ ነገራት ብምቅንባር ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይሰርሕ። እዞም ስራሕቲ ምስ ዝተፈላለዩ ኽስተታት፣ ስምዒታትን ተዘክሮታትን ዝሓውስ ስለዝኾነ እኹል ድቃስ ምድቃስ ነገራት ብደምቢ ንምስትዋስ ይሕግዘና።

ድቃስ ጭንቀት ይቅንሰልና

ኣካልና ሕፅረት ድቃስ ከጋጥሞ ከሎ ስምዒት ጭንቀት ይፍጠር። ዝተፈጠረ ጭንቀት ናብ ዘይተደለዩ ሕማማት ማለት እውን ፀቅጢ ደም ፣ ሕማም ልቢ ከምኡ እውን ንዝተፈላለዩ ሕማማት የቃልዐና እዩ። እኹል ድቃስ ምርካብ ዘየድልዩ ሕማማት ከይሕዙና ይከላኸለልና።

ድቃስ ሕማም ካንሰር ይከላኸለልና

ሜላተንቲን ዑደት ምድቃሰን ምንቃሕን ዘስተኻኽለልና ሆርሞን ምስቲ ምኻኑ ኣብ ኣካልና ውሽጢ ዝፍጠሩ ፅኪታትን ሕበጥን ብምቅናስ ካብ ሕማም ካንሰር ይከላኸለልና። ኣካልና ትዘድልዮ ሜላተንቲን ንከምርት ድቃስ ፅልምት ምስ በለ ክኾን ከምዘለዎ ምሁራን የተሓሳስቡ። ምኽንያቱ ድማ ብርሃን መጠን ሜላተንቲን ስለዝቅንስ እዩ።

ድቃስ ክብደትና ንክንቀንስ ይሕግዘና

ምሁራን ምሸት እኹል ሰዓት ዘይድቅሱ ሰባት ካብ መጠን ዝሓለፈ ርጉዲ ከምዘጋጥሞም ብመፅናዕቶም ይሕብሩ። ድልየት ምግቢ ዘስተኻኽሉ ጋሬሊን ከምኡ እውን ሌፕቲን ዝተብሃሉ ሆርሞናት ብምኽንያት ምዝባዕ ድቃስ ተዛቢያም ከምዝተረከቡ ተመራመርቲ ይሕብሩ። ስለዚ እኹል ድቃስ ምርካብ ርጉዲ ንምቅናስ ይጠቅመና እዩ።

ድቃስ ኣካልና ዓርሱ ንክፅግን ይገብሮ

ኣካልና ሙሉእ መዓልቲ ብጨረራትኣልትራቫይለት ከምኡ እውን ብካልኦት ጎዳእቲ ነገራትን ንዝበፅሑ ጉድኣት ዝፅግነሉ ግዘ ኣብ ናይ ድቃስ ሰዓት እዩ። ክንድቅስ ከለና ሴላት ፕሮቲን ምምራት ይጅምሩ። እዞም ዝተመረቱ ፕሮቲናት ነቶም ዝተጎድኡ ክፋላት ኣካልና ብምፅጋንን ብምሕዳስን ስርሖም ይሰርሑ።

ቅሳነት ዘለዎ ፅቡቅ ድቃስ ክህልወካ ትደሊ ዶ? እምበኣርከስ እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ፈፅም።

- ስልክካ ድምፂ ኣልቦ (Silent) ገርካ ደቅስ
- በብግዚኡ ኣካላዊ ምንቅስቃስ ኣዘውትር
- ሰውነትካ ተሓፂብካ ደቅስ
- ፀባን መዓርን ኣዘውትር
- መጠን እትሰትዮ ኣልኮል ገደብ ግበረሉ
- ነብስኻ ዘሐደሱን ዘዘናግዑን ሙዚቃታት ስማዕ
- ኣጋ ምሸት ብእግርኻ ተጉዓዝ (walk)
- መፅሓፍ ኣንብብ
- መብራህቲ ኣጥፈእካ ደቅስ

አንጋፋው ዮሴፍ



ሙዚቃ

“ክንድቲ ዝሰርሑ ዘይተሰረሐሉ ኣታኽልቲ”

(ብሙሉገታ-ማሉዳ)

ቃጭል በዓል ጥዑም ድምፂ እዩ። ሂወት ዝሰርዓልካ ኣዛያይማ ዝወነነ ፤ ባህሊ ባህሊ ዝጨን መንነት ዘለዎ ተባዕ ደራፋይ እዩ ነይሩ። “ኣሕ እዙይ ዶ ነይሩ ምተብሃለ” ፣ “ኣየ ግዜ” ፣ መርዓ ፣ ክለብ ፣ እንዳመስተ ኮታስ ደስታ ኣብ ዘለዎ ክሳብ ሐዚ ብዘይናቱ ደርፊ ኣይትደምቕን። ብናቱ ደርፍታት ዘይሓለፈ ደራፋይ ትግርኛ ኣሎ ካብ ምባል ግመል ብዓይኒ መርፍእ ምሕላፍ ይቕልል። ብቕረባ ዝፈልጥዎ ሰባት “ክዛረብ ከሎ እኪስ ብዜማ ብደርፊ እዩ ነይሩ እዮም ዝብልዎ”።

ሕዳር 5/1955 ዓ.ም ካብታ ምብራቓዊት ወርቂ እናበልና ንፅወዓ ከተማ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ 18 ኪ.ሜ ወፅእ ኢልካ እትርከብ ዕሸል ከተማ ቤተ ሓወርያት ሓደ ብስራት ተረኽበ። ብናይ ኣዕዋፋት ዝማሬን ኣብ ጥዑም ንፋስን ዝተፈጠረ ወናኒ ጥዑም ድምፂ ኣታኽልቲ ሃ/ሚካኤል ነበረ። ካብ ኣዲኡ ወ.ሮ ኣብረሀት ደስታን ካብ ጥበበኛ (ሰላላይ) ኣቡኡ ኣይተ ሃይለሚካኤል ተስፋይን ዝተወልደ ኣታኽልቲ ንሱ እውን ካብ ጥበብ ኣይተረፈን። እኪ ደኣስ ንቡዙሓት ዝተርፍ ጥበበኛ ኮነ። ኣብታ ምብራቓዊት ወርቂ ከተማ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ መሓዙቱ ከም ማንም ቆልዓ እናተጫወተ ከምኡ ድማ ኣፍታ ካብ ልቡ ዘዝየመላ ከተማ ዓዲግራትን እናተመላለሰ ዕድመ ንእስነቱ ዘሕለፈ ኣታኽልቲ ግዴታ ሸዑ ምስ ዝነበሩ ኦልኬስትራ ኪነት እውን ይሳተፍ ነይሩ እዩ። ቡዙሕ ከይፀነሐ ድማ ናብ ከተማ ኣስመራ ተጉዓዘ። ኣብ ኣስመራ ምስ ዝነበሩ 21 ክፍለጦር ኪነት ብሙኽን ድማ ብ መስከረም 1979 ብቡዙሓት ዘይትፍለጥ ኣልበሙ ኣሐተመ። ኣማረ ኣሰፋ በዓል ቤታ ንዛፉ ኪሮስ ኣለማዮ ድማ ኣብዛ ኣልበም ተሳቲፉ እዩ (ኣይከይድን ጅዳ ናብዚ ዓዲ እማተይ ዓደይ ይሕሸኒ በሊዐ ሸዊተይ)

ኣታ ኣልበም ከምቲ ንሱ ዝሓሰባ ኣይተሰመዐትን ግን በሪ ኮነቶ። ብ 1983 ዓ.ም እቲ ጨቋኒ ስርዓት ደርጊ ተደምሲሱ ኢህወደግ ኣዲስ ኣበባ እንትትቋፃፀራ ኣታኽልቲ እውን ንፈለማ ግዚኡ ምስ ኣዲስ ኣበባ ተላለየ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብትግርኛ ዘየኽእሎ ኣታኽልቲ ምስ በፃቱ ብሙኽን “ባህሊ ትግራይ ” እትብል ባንዲ ኣጣየሹ። ድምፃውያን ብርሃነ ሃይለ ፡ ሶፍያ ኣፅበሃ ፡ ጌታቸዉ ስሑል ፡ ይሕደጋ ኣስገዶምን ካልኦትን ዝነበሩላ እንትትኮኑ መዚቀኛታት ድማ (ኦርጋኒስት) በየነ ሃ/ስላሰ ፣ (ቤዝ ጊታር) ከበደ ደመወዝ ፣ (ሊድ ጊታር) ሙሉ ሃይሉ ፣ (ሳክሰፎን) ኣብረሃም ሞላ ፣ (ትራምፔት) ሙሉነህ ሃይለን ካልኦትን ዝሓቆፈት ነበረት። ባህሊ ትግራይ ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ ኣብ ኣስመራን ዝተፈላለዩ ናይ ወፃኢ ሃገራትን ኮንሰርት እናሰርሑ ባህሎም እናላለዩን ድሕሪ ምፅናሕ ኣታኽልቲ ድማ ምስ ኪነቱ ብሙኽን “ባህልና ” (ኣደይ ትናፍቕኒ ዶ) እትብል ቡዙሕ ኣብ ባህሊ ዘተኮረት ካልኤቲ ኣልበሙ ብ 1987 ዓ.ም ተሰደደት። ጥዑም ድምፂ ዝሰመዓ ኣእዛን ተጋሩ ”እዚ ሰብ መን እዩ?” ኢለን ካብ ምሕታት ዓዲ ኣይወዓላን። ኣታኽልቲ ሃ.ሚካኤል እዩ ነይሩ።

ምንባሩ ደስ ኢልዎ ምፍጣሩ ንኽመስማን ድማ “እንኪዕ ተፈጠርና ካባኺ” እትብል ሳልሰይቲ ኣልበሙ ብ 1991 ናብ ህዝቢ እንትትበፅሕ መን ሙኻኑ ኣእዛን ተጋሩ ኣይተጠራጠራን። በዓል ጥዑም ድምፂ ኣታኽልቲ ምኻኑ በቲ ቃጭል ስምዑኒ ስምዑኒ ዝብል ድምፁ ፍሉጥ እዩ ነይሩ። ካብ ተጋሩ ሓሊፉ ድማ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ተፈታውነት ረኸበ። ዋላ ነቲ ቑንቋ ዘይፈልጥዎ ትግርኛ ንኽፈትውን ብትግርኛ ንክስዕስዑን ገበሮም። እዛ ኣልበም “ኩሉወዮ” ፣ “ኣብሉዕኒ ዶ” ፣ “ኣያ በየነ” ዓሊተና ወሪደን ከፍተይ”ን ዝብላ ዝሓዘት ነይራ።

ኣገላልፅኡ(expression) ኣቀላልፃ ዜማ ከብድኻ እናበለዐ ናብ ውሽጢ ሰርሲሩ ዝኣቲ ኣጠቓቕማ ኖታታቱ ኣብ ጎሮሮኡ ዝምዝግዘግ ድምፂ(ornament) ዝተፈለየ ቅዲ ቶን ከለርን (tone color) ምስ ጡዑም ክራሩ ኣብ ልቢ ተጋሩ ብዘይ ምድንጋር ብፋሉይ መልክዑ ኣተወ።

ቀፂሉ ብ1993 ዓ.ም “ሓሊፋ ፀገመይ ንዕየ ንዒ ሰገመይ” እትብል ኣልበሙ ተለቐቐት። (ዝንጉርጉር ሕብሪ” መን ወሰደኪ ” ወይኖ ፅብቕቲ ቁናኖ ”) ዝብላ ዜማታቱ ዘካተተት ኣልበም ነይራ። ብዘይ ኣፋላላይ ሙሉእ ትግራዋይ ዝተስማዕመዐላ ኣልበም ኣታኽልቲ ካብ ዝሓለፉ

ሙዚቃ

ድሕሪ ዛ ኣልበም ብዝለዓለ ኣብ መድረኽ ተፈታውን ተደማፅን ኮነ። ምስቲ ግርማ ሞጎሱ ድማ ኣብ መድረኽ ክራሩ ሒዙ ደዉ ክብል ከሎ መድረኽ ምልእ ኣዩ ዘብላ። ኣታኽልቲ ካብ ባህሊ ሓሊፉ ኣብ ዘመናውን ኣምሓርኛ ደርፍታት እውን ንፉዕ ምንባሩ ብቐረባ ዘፈልጥዎ ይዛረቡ። ኮይኑ ግና ኣታኽልቲ ድሕሪ ዛ ኣልበም ብዙሕ ጥዕና ክረክብ ኣይከኣለን። ድሕሪ ቡዙሕ ጥዕና ምስኣን ኣታኽልቲ ብ1997 ዓ.ም ንእሽተይ ኣንፈት ረኽበ። ዳርጋ ናብ ንቡር ጥዕንኡ ተመለሰ። ብዙይ ተስፋ ዝረኽበ ኣታኽልቲ ድማ ንኣምላኹን ንቤተሰቡን ዘመስገነላ ናይ መጨረሻ ኣልበሙ "ወስ ክብል ጀሚረ" ብዝብል ስያመ ናብ ህዝቡ ኣብፀሓ። መን ሓሚሙ ነይሩ ኢሉ ክኣምን? ድምፁ ኣይተቐየረን ፤ እኳ ደኣስ ወሲኹ ጠዓመ። ብዙሕ ሓድሽ ነገር ዝሓዘት ኣልበም ነበረት። "ከም መንድሪኒ ጥዕምቲ ጨና" ፣ "ብረር ብረር ከዓ በለኒ" ፣ "ስውንዋኖ " ን "ጋማኽን " ዝበሉ ጥዑማት ዜማታት ኣብ ውሽጣ ዝሓዘት ኣልበም ክተዳምፅ ከለኻ ኣታኽልቲ ገና ብዙሕ ናይ ምስራሕ ዓቕሚ ከም ዝነበሮ የርእየካ። ታይ እሞ ዋጋ ኣለዎ። ኣታኽልቲ ሙሉእ ብሙሉእ ጥዕንኡ ክምለሰሉ ብዘይምኽኣሉ ምስ ቡዙሕ ዓቕሙን ፍልጠቱን " ብ1997 ሚያዝያ 22 ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈለየ። ስርዓተ ቐብሩ ድማ ኣብ ከተማ ዕዳጋ ሓሙስ ዳ ስላሴ ቤተክርስትያን ቤተሰቡን ናይ ሞያ መሓዙትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ተፈፂሙ።

ኣብ 42 ዓመቱ ካብዛ ዓለም ዝተፈለየ ኣታኽልቲ ድሮ ከም በዋዛ 15 ዓመት ገይሩ ኣሎ። እቲ ዘሐዝን ግና ወዮ ናይ ቋንቋ መምህር ፣ ወዮ ኣቦ ባህሊ ፣ ወዮ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ዓለም ዘላለየ ንመዘከርትኡ ዝኸውን ሓዉ ኣርቲስት (ሰኣላይ) ሲሳይ ሃይለሚካኤል ካብ ኩለን ደርፍታቱ ኣውፃፅእዩ ካብ ዘሐተማ "ኩሉ ወዮ" እትብል ኣልበም ወፃኢ ተጋሩ ምንም ዘይምግባርና እዩ። "ኩሉ ወዮ "ዶ በለ ባዕሉ ተኾነ። ሓቂ እዩ ባ ተጋሩ ታሪኽ ምስራሕ እምበር ታሪኽና ኣብ ምሰናድ ሰነፋት ኢና ዝበሃል።

ሕቶ ???

1. ብሽም ኣታኽልቲ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ወይ ሆስፒታል ወይ ጎደና ክስየም ኣይኽእልን?

2. ነዚ ኣምባሳደር ባህሊ ናይ ክብሪ ዶክትሬት ዘይወሃበሉ ምኽንያት ከ እንታይ እዩ?

3. ተጋሩ ጀጋኑና ንሕና ተዘይኣኽቢርናዮም መን እዩ መፅዩ ከኽብረልናን ታሪኹም ክስንደልናን?

"ክንዲ ትዝሰረሑ ዘይተሰረሐሉ ኣታኽልቲ ሃይለሚካኤል" ጥዑማት ስራሕቱ ግን ኣብ ልብናን ኣብ ዝኸድናዮ ቦታን ኩሉ ግዜ ምሳና ኣለዉ ሐዚ ንባዕሉ ምሳና ኣለዉ ። ናተይ ናይ ክብሪ ዶክተር ኣታኽልቲ ሃይለሚካኤል

ሙሉጌታ-ማሉዳ እየ ፡ ፡

"ክንድቲ ዝሰርሑ ዘይተሰረሐሉ ኣታኽልቲ"



ሓፈሻዊ ፍልጠት

1

ዓፅሚ ሸለፍ ወዲሰብ
ካብ ኮንክሪት ዝጠንከረ እዩ

2

ደቒ-ሰባት ኣብ መዓልቲ ልዕሊ
100,000 ግዘ ኣሚንትና ነንቀሳቕ

3

ከዋኽብቲ ክተሓላለፉ ከለዉ ነንዓርሶም
ዓለማት (ፕላኔታት) ይሰራረቑ እዮም

4

ልዕሊ 50 ሚኢታዊ ዝኾን ህዝቢ ዓለም
ክልተ ቋንቋ ምዝራብ ይኽእል እዩ

5

ንሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ዓመት እኹል ኦክስጅን
ንምርካብ ካብ 6 ክሳብ 8 ተኽልታት የድልዩ



ኣቡነ ገብረሚካኤል ቐራሮ

ኣቡነ ገብረሚካኤል ኣብ ገረዓልታ ካብ ዝርከቡ ዓበይቲ ውቕር ኣብያተ ክርስትያን ዝስራዕ እዩ። እቱ ቤት-ክርስትያን ዝተሃነፀሉ ጎቦ ዓቕብ ዝበዝሑን መፀገምን ብምኻኑ ከይትፀድፍ ተጠንቂቕካ እዩ ዝድየብ።ብቕድሚቱን ብድሕሪቱን ብዘለዉ ነዋሕቲ ጎቦኣትት ተኣሳሲሩ ኣብ ንበይኑ ጠጠው ዝበለ ከውሒ ተሃኒፁ ይርከብ። ኣብ ዝባን እንዳ ኣቡነ ገብረሚካኤል ኮይንካ ጎላጉል ገለበዳን ሽንጥሮታት እምባስነይትን ኣማዕዲካ ንምርኣይ የኽእለካ።

ውሽጣዊ ትሕዝቶ እቲ ቤተ-ክርስትያን ኣዝዩ ፅቡቕን ሰሓባይን እንትኾን ስፍሓቱ 17.50ሜ ብ 8.90ሜ ኮይኑ ብራኽኡ ድማ 5ሜ እዩ። ሸሞንተ ርእሶም ክኢሎም ጠጠው ዝበሉ ዓምድታት ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ብክልተ መስመር ተሰሪዖም ይርከቡ። ነቶም ኣዕምዲ ምስቲ መሮ ነንባዕልቶም ዘተሓሓዙ ሰረገላታት ብኹሉ ኣንፈት ይረኣዩ። ሞሮ እቱ ቤት-ክርስትያን እውን መብዛሕቲኡ ክፋሉ ጉድጉድ ዝበለ (DOME) እዩ። ካብቶም ዓንድታት ተፈልፊሎም ዝወፁ 16 ምዕሩጋት ሰረገላታት ኣለዉ። ኣብ ኣቡነ ገብረሚካኤል ዝረኣ ውፅኢት ኣተሃናንፃ ፍሉይ ስን-ጥበብ ዘመላኽት እዩ።

ኣብ ኣቡነ ገብረሚካኤል ብፍሉይ ጥበብ ስነ-ህንፃን ስነ-ስእልን ዝማዕረገ እዩ። እቲ ቤተ-ክርስትያን ዝተሰርሐሉ ከውሒ ፃዕዳ ኮይኑ ነቶም ስእልታት ንምስኣል ዝተጠቐመሎም ሕብርታት ብጫ ፣ ሰማያውን ፃዕዳን ዝዓብለሎም እንትኾኑ ምስቲ ተፈጥሮኣዊ ሕብሪ እቲ ከውሒ ተኣሳሲሩ ቐልቢ ናይ ምስሓብ ተኽእሎ ንክህልዎ ገይሩ እዩ። ብፍላይ ኣብ ማእኸላይ ክፋል እቱ ቤተ-ክርስትያን ኣብ ዘሎ ናሕሲ ዝረኣ ስእሊ እስራ ወኣርባእቱ ካህናተ ሰማይ ኣዝዩ ሰሓባይ እዩ። ካብቶም ኣብ ውሽጢ ዝረኣዩ ስእልታት ምስሊ ሓዋርያት ፣ ኣቡነ ገብረሚካኤል ፣ ኣቡነ ኣረጋዊ ፣ ኣባጉባ ፣ ኣቡነ ይምኣታ ፣ መላእኽቲ ፣ ፃድቃናት ፣ ስቓለት ፣ ናይ ማርያም ስደትን ብዙሓት መንፈሳዊ ስእልታትን ይርከቡ።

ካብ ቤት-ክርስትያን ኣቡነ ገብረሚካኤል ናብ እግሪ እንትውረድ ክረኣዩ ዝግበኦም ክልተ ታሪኻዊ ስፍራታት ኣልዉ። ክልቲኦም ድማ ናብ እንዳ ኣቡነ ገብረ ሚካኤል እንትድየብ ኣብ መጀመርታ ክፋል እቱ ዓቕበት ዝርከቡ እዮም። እቲ ሓደ እንዳጊዮርጊስ ተባሂሉ ዝፍለጥ ካብ ከውሒ ተወቒሩ ዝተሰርሐ ንእስ ዝበለ ቤት-ክርስትያን እንትኾን ስፍሓቱ 10ሜ ብ 7.70ሜ ብራኽኡ ድማ ካብ 2ሜ ኣይበልፅን። እቱ ቤት-ክርስትያን ዝተሰርሐሉ ከውሒ ብጣዕሚ ስሙም ብምኻኑ ከይትወደአ ተሟናግዩ ዝተረፈ እዩ ዝመስል።

እቱ ካሊእ ታሪኻዊ ስፍራ ምስ ገድሊ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰረ ታሪኽ ዘለዎ እዩ። ብ1981 ዓ/ም ኢህወዴግ እንትምስረት መኣከቢ ኣዳራሽ ተገይሩ ዝተመረፀ ቦታ ኣብ ቐራሮ ካብ ዘለዉ ጎቦታት ኣብ እግሮም ኣብ ዘሎ ብዓቲ እዩ። ኣብዚ ቦታ ብትግርኛ ፣ ኣምሓርኛ ፣ ኦሮምኛን ዝተፅሓፉ ጭርሖታት ኣለዉ። ስራሕቲ ጉባኤ ኢህወዴግ ኣብቲ ቦታ ከምዝጀመረን ድሕሪ ግዘ ድማ እቲ ቦታ ብፀላኢ ስለዝተፈለጠ ዘይተዛዘመ ጉባኤ ኣብ ካልእ ቦታ ከምዝተዛዘመ ነበርቲ እቲ ኽባቢ ይሕብሩ።

ዓመታዊ በዓል ንግሲ ኣቡነ ገብረሚካኤል 17 ጉንቦት ብድምቀት ይኽብር።

ጦዓመ ገ/ሄር (Thom G)

ህያወት ሕዚ እውን ቐፃሊት እያ...

ሎማዓንቲ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ህይወት ክትህልው ትኽእል ኢኻ ህይወት ብፀልማት ዝተኸብብት ፀበባብ ዝመላኣ መውፅኢ ስኢንካላ ተስፋ ቕሪፅኻ ምንባኣር ኣፅሊእካ ክኸውን ይኽእል። ህይወት ግን ሕዚ እውን ቐፃሊት እያ ናይ ሎማዓንቲ ውህብቶኻ ዝሓሸን ዝበለፀን ዕድል ሒዝልካ መፂኡ እሎ። ናይ ሎማዓንቲ ምርጫ ህይወት ኣብ ኢድኻ ምሳኻ እዩ ዘሎ ናብ ትደልዮ ብርኪ ህይወት ንምስግጋር ብሕታዊ ለውጢ ናይ ምምጻእ ዓቕሚ ምሳኻ እዩ ዘሎ።

ሎማዓንቲ ሓድሽ ምዕራፍ ህይወት ንምጅማር ኣእምሮኻ ብኣወንታውነት ሓሳባትን ኣመለኻኽታን ክትዕጅቦ እዩ ዝግባእ። ናይ ትማሊ ጉዕዞ ህይወትኻ ኣብ ሎማዓንቲ ኣብፅሒካ እሎ ናይ ሎማዓንቲ ውዕሎኻ ድማ ንዝመፅእ ህይወትኻ መሰረት እዩ። ሙሉእ ትኹረትካ ኣብ ናይ ሎማዓቲ ምንቕስቓሳት ብምግባር፡ ሎማዓንቲ ሓድሽ ምዕራፍ ህይወት ምጅማር ትኽእል ኢኻ ሎማዓንቲ ካብ ትማሊ ዝሓሸ ንክኸውን ካብ ናይ ትማሊ ማእሰርቲ ዓርስኻ ነፃ ግበር።

ናይ ትማሊ ስዕረት ናይ ትማሊ ውድቐት ናይ ትማሊ ፀገም ናይ ትማሊ ፀበባ ናይ ትማሊ ፍርሒ ሎመዕናቲ ክኞፃፀረካ ኣይትፍቐደሉ። ስዕረትካ ወድቐትካ ናብ ዓብዪ መስተንክራት ህይወት ሎማዓንቲ ለውጦም። ሎማዓንቲ ካብ ናይ ሕሉፍ ህይወትካ ጌጋታትካ ብምምሃር ዝሓሸ ህይወት ንምምርሕ ድልውነት ውሰድ።

ትማሊ መሰናክል ዝበዝሑ ዕረፍቲ ዘይብሉ ኣፀጋሚ ጉዕዞ ነይሩ ይኸውን ትማሊ ነቐፌታ ዝበዝሑ ምስጋና እልቦ ህይወት ነይሩ ይኸውን ናይ ትማሊ ህይወት ብዙሕ ፃዕሪ ዝፈሰሶ ፍረ ዝይብሉ ክኸውን ይኽእል ህይወት ግን ሕዚ እውን ቐፃሊት እያ።

ብናይ ትማሊ ማንነትካ ሎመዕእንቲ ርእስኻ ክተድንን የብላካን ህይወት ካብ ስሕተት ፣ ስዕረት ፣ ነቐፌታ ነፃ ክትኸውን ኣይትኽእልን። ዓርስኻ ክተበርትዕ ዓርስኻ ከተጠናኽር እዩ ዝግባእ። ሎመዓንቲ ካብ ታማሊ ዝሓሸ ስራሕቲ ንምስራሕ ካብ ድቓስካ ተላዒላካ ብሩህ ሓሳባት ምሕሳብ ጅመር ኩሉ ይክኣል እዩ ዝብል መሪሕ ጭርሑ ብምሓዝ ጎዕዞ ህይወት ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ንምስግጋር ሓድ ኢልካ ጀምር።

ሳሙኤል ገብረማርያም

“ናይ ትማሊ ስዕረት ፣ ናይ ትማሊ ውድቐት ፣ ናይ ትማሊ ፀገም ፣ ናይ ትማሊ ፀበባ ፣ ናይ ትማሊ ፍርሒ ፣ ሎመዕናቲ ክኞፃፀረካ ኣይትፍቐደሉ“



ዛንታ

ፀፀት ህይወት

መኮነን ገናሒ መኪና ነበረ። ዝበዘሐ ግዚኡ ኣብ ስራሕ ካብ ምሕላፉ ዝተልዓለ ምስ በዓልቲ ገዝኡን ሰለስተ ደቁን ኮፍ ኢሉ ዝምገበሉ ግዘ እውን ኣይነበሮን። ናይ ቀትሪ ስራሕቱ ምስ ዛዘመ ካሊእ ዝሓሸ ስራሕ ንምርካብ ይመሃር ነበረ። ቤተሰቡ ግን ግዘ ስለዘይህቦም ኩሉ ግዘ የምርሩ ነበሩ። ኾይኑ ግና ኹሉ ዝገብሮ ዘሎ ንዓቶም ክብል ከምዝኾነ ይነግሮም ነበረ።

ትምህርቱ ዛዚሙ ፈተና ምስ ሓለፈ ዝነበሮ መሃያ ዝለዓለ ዝረኽቦሉ ሓዱሽ ስራሕ ረኸበ። በዚ ምኽንያት ድማ ንቤተሰቡ ብኽባር ዋጋ ዝተገዝኡ ኽዳውንትን መጋየፅታትን ክገዝኦሎም ጀመረ። ካብቲ ዝነብርዎ መነባብሮ ዝሓሸ ህይወት ምምራሕ ጀምሩ። ኾይኑ ግና ሐዚ እውን እንተኾነ ኣብ ስርሑ ጥራሕ ትኹረት ብምግባር ጠንኪሩ ይሰርሕ ስለዝነበረ እኹል ግዘ ኣይሃቦምን።

ድሕሪ ግዘ መኮነን ጠንኪሩ ብምስራሕ ዕብየት ረኸበ። ቤተሰቡ ካብ ናይ ገዛ ስራሕቲ ከላቅቆም ስለዝደለየ ናይ ገዛ ሰራሕተኛ ቆፀረሎም። እዚ ዝነብርሉዝነበረገዛፀቢብስለዝነበረግፍሕናብዝበለ ገዛ ንክዘዋወሩ ወሰነ። ነዚ ንምስኻዕ እውን ጠንኪሩ ብምስራሕን ትምህርቲ ብምውሳድን ተወሳኺ ዕብየት ረኸበ። መኮነን ኣብ ስርሑ ጥራሕ ትኹረት ካብ ምግባሩ ዝተልዓለ ሰምበት እውን እንተኾነ ግዝኡ ምስ ደቁን በዓልቲ ገዝኡን ክንዲ ምሕላፍ ምስ ዓማዊሉ ኣብ ስራሕ የሕልፎ ነበረ። ምስኦም እኹል ግዘ ብዘይምሕላፉ ቅር እኺ እንተበሎም ሐዚ እውን ንዐኦም ክብል ከምዝኾነ ይነግሮም ነበረ።

ድሕሪ ዝተወሰነ ግዘ ካሊእ ተወሳኺ ዕብየት ብምርካቡ ፅቡቅ ትርኢት ዘለዎ ገፈሕ ገዛ ገዘአ። ናብዚ ሓዱሽ ገዛ ምስ ኣተዉ ኣብ ናይ መጀመርታ ሰምበት ምሸት መኮነን ትምህርቱ ከምዘቓርፅን ናይ ስራሕ ግዘ ከምዝቅንስን እኹል ግዘ ድማ ከምዝህቦምን ንቤተሰቡ ቃል ኣተወሎም። ቀፃሊ መዓልቲ ግን መኮነን ካብ ድቃሱ ኣይተልዓለን። ቃሉ ከይፈፀመ ህይወቱ ሓለፈ።

ብዙሕ ግዘ መነባብሮ ቤተሰብና ንምምሕያሽ ላዕልን ታሕትን ንብል። ሙሉእ ግዘና ኣብ ስራሕና ነድህብ። በዚ ምኽንያት ድማ ነቶም ብገንዘብን ኽባራት ኣቑሑን ክትመኑ ዘይኽእሉ ቤተሰብና እኹል ግዘ ኣይንህቦምን። ፅባሕ እንታይ ከምዘጋጥመና ስለዘይንፈልጥ ምስ ቤተሰብናን ካልኦት ፈተውትናን ግዘ ሂብና ህይወትና ክነስተማቕራ ይግባእ።





ስፖርት

ሕልሚ ኣብ ውሽጢ ዕብጻን ዝእከብ ሃፍቲ

ንቓይናውያን ስፖርቲዊ ምንቅስቓስ ማርሻል ኣርት ማለት ልዕሊ ትንፋሶም ዘቕድምዎ ንጥፈት ስፖርት እዩ። ህንዳውያን ክርኬት ዓለሞም እንትኾን ንኣሜሪካውያን ድማ ብናቶም ኣፀዋውዓ እግሪ ኩዕሾ (Footbal) ኢሎም ዝፅውዕዎ ራግቢ ዘዘናግየም ስፖርታዊ ንጥፈት ኣይትረኽቡን። እወ ኣብ ዓለምና ክንዲ ስፖርት ዝኣክል ብዘይ ቋንቋ ዘረዳድእ ኣይትረኽቡን።

ካብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ሓደ ዝኾነ እግሪ ኩዕሶ ብብርኪ ዓለም ካብ ዝምረፁ ዓይነታት ስፖርት እንኮ ምኻኑ ከይተፀንዐ ዝሓደረ ጉዳይ እዩ። ኣብ ቓይና ከምዝተጀመረ ዝዝረበሉ ኩዕሶ እግሪ ኢንግሊዛውያን ናይ ፀወታ ሕግታት ኣውፂኦም ክዝምን ብምግባር ፅዕንቶ ፈጣሪ ስፖርት ክኾን ብምኽኣሎም ዝኾነ መዓልቲ ዘይርሳዕ ውዕለታ እዩ።

ኣብ ዓለም ዝርኩባ ሃገራት በብዓደን ዝተፈላለዩ ስያመታትን መወዳደሪ ብርክታትን ብምድላው ንሕንሕ ብምፍጣር ንተመልከትተን ብምዝንጋዕ ተፈላጥነትን ክብ ክብል ብምግባር ሚልዮናት ይሓፍሳ ኣለዋ።

ሃገርና ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ መዓዝ ከምዝተጀመረ ዝሕብር ሓበሬታ ዋላ ኣይረኽብ ካብ መፈለምታ 1900 ዓ.ም ጀሚር ኣብ ጎደናታት ጨርቂ ኩዕሾ ዝፃወቱ መናእሰያት ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ይርኣዩ ከምዝነበሩ ኣብ ታሪኽ ኩዕሾና ሽሞም ኣብ ቅድሚት ዝፅዋዕ ይድነቃቸው ሓደ እዋን ተዛሪቦም ኔሮም።

ጥልያን ብወራር ካብ 1928 ክሳብ 1933 ናብ ውሽጢ ዓዲ ምስኣተወ ብስሩዕ ጋንታታት ከምዝተጣየሻ ኣብ ቤተ መዘክር ፌዴሬሽን ኩዕሾ እግሪ ኢትዮጵያ ብመፅሓፍን ብስእልን ተሰኒዱ ዝርከብ ሓቂ እዩ። ክልልና እውን ኣብ መፋርቕ 1950ታት ዘፍረየተን ከም እኒ እንደርታ: ታይድል ዝኣመሰላ እንኮ ጋንታታት ዝነበርኣ እንትኾና ብዋናነት ብመንግስታዊ ትካል (መሓውር) እናተበጀተለን ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ውድድር ተሳቲፈን እየን።

ካብዚ ግዘ ጀሚሩ ድማ ብብርኪ ሃገር ንክልልና ወኪለን ኣብ ዝተፈላለየ ውድድራት ዝሳተፋ እዘን ጋንታታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ሽመን ብምቅይያር እነሆ ኣብዚ ሐዚ ብክልልና ተወኪለን ኣብ ፕሪምየርሊግን ላዕለዋይ ሊግን ብምውድዳር ካብ ካዝና መንግስቲ ሚልዮናት እናመንዝዓ ህልውንኣን ኣብ ቀጢን መንገዲ ኣውሒሰንኦ ይርከባ።

ህዝባውያን እየን ኢልኻ ንምዝራብ ትደፍረለን ጋንታታት መቕለ 70 እንደርታ ወልዋሎ ዓ.ዩ ስሑል ሽረ ኣብ ምንታይ ቁመና ይርከባ?

ንሓንቲ ጋንታ ብዓመት ክሳብ 55 ሚልዮን ብክልላዊ መንግስቲ ዝስልዐለን በጀት ንመሃያ ተፃወትቲ: ንትራንስፖርት: ንኣበልን ኪራይ ገዛን እናሸንሸና ውድድርን ዘካይዳ ዘን ጋንታታት ካብ መንግስቲ ፅግዕተኝነት ተናጊፈን ዓርሰን ዝኽኣላ ጋንታታት ንክኾና ኣመራርሓ እተን ጋንታታት ዝተፀንዐ ኣመራርሓ ክስዕቡ ከምዝግብኦም ምክትል ኣሰልጣኒ ጋንታ ወልዋሎ ዓ.ዩ ኢንስትራክተር ኣሸናፊ ኣማረ ይገልፁ።

ስፖርት

ኢንስትራክተር ኣሸናፊ ሓሳቦም እንትቕፅሉ ጋንታታና ብሰብ ሃፍቲ ዘይተወከላሉ ምኽንያት ከም ስታድዮም: መለማመዲ ሜዳን መንበሪረገዛን (ካምፕ) ዝኣመሰሉ ናየ ዝብልኦ ንብረት ስለዘይብለን ብዓል ሃፍቲ ንዋይኻ ኣብኩዕሾ ፈሰስ ምግባር ትርፉ ከምዘይረአዮም ስለዝእምቱ ይመስለኒ ክብሉ ሓሳቦም የጠቓልሉ::

90 ደቂቕ ዝግበር ንሕንሕ ንምምልካት ናብ ስታድዮም ዝጉዓዙ ኣሽሓት ደጋፊ ክንድቲ ዝድለ ከምዘይተጠቕማሉ ምስክር ከምዝኾነ ኻሊእ ኣንፈት ዝተዛረበና መጨፈሪ ደገፍቲ ጋንታ መቕለ 70 እንደርታ ዝኾነ ቺንጊ እዩ:: ከም ኣበሃህላ ደጋፊ ቺንጊ ተኾይኑ ብፍላይ ኣብ ጉዳይ መሸጣ ዕጥቂ ደገፍቲ: ዝዘመነ ማርኬቲንግ ዘይምህላው: ደጋፊ ዘሳተፈ ስጡም ማሕበር ዘይምህላው ሓንቲ ጋንታ ዓርሳ ክኢላ ንከይትቐም ዕንቅፋታት ዝኾኑ ምኽንያታት እዮም::


ክቡራት መንበብቲ ኣሃዱ ካብ እግሪ ኩዕሾ ክንረክቦ ክንዲ ዝግብኦና ኢኮኖሚያዊ ጥቕሚ ጋንታታና እናረኸባ ከምኡ ድማ ሃፍቲ እናመንጨዋ እየን ኢልኹም ትኣምኑ ዶ?

ጋንታታትና ካብ ኢድ መንግስቲ ወፂእን ከምሓደ ትካል ወፃኢአንን ኣታዊአንን እናረአያ ውድድራተን ዘካይዳሉ ጊዜ ክቅልጥፍ ይግባእ ዝብል ሓሳብ ዘራጉዱ ብርክት ዝበሉ ኣብ ዙርያ ስፖርት ዝርከቡ ፈተውቲ ስፖርት እዮም:: ብፍላይ እዘን ጋንታታት ኣብ ኢድ መንግስቲ ብምውዳቕን ኣደዳ ብላዕ ከምዝተሳጥሓ ኣብ ቀረብአን ዝርከብ መንእሰይ ናይ ምፅዋት ዕድል ክህባ ዘይከኣላ ድምፂ ደጋፊ ክሰምዓ ከምዝተፀገማን ብስውር ጥቕማጥቕሚ ክኽበባ ኣኽኢልወን ይርከብ:: እዚ ዘይምዕሩይ ስርዓት ክቕፅል ዝደልዩ ኣብ ዙርያ እተን ጋንታ ዝዓረዱ ሃንጎሪማታት ካሊእ እዚ ዘላፍ ስርዓት ከይቅንጠጥ ዕንቅፋታት እዮም::

እወ... ጋንታታና ኣብ ውሽጢ ዕብዳን ዝእክብኦ ሃፍቲ ከምዘይብለን ምዝራብ ይከኣል ዋላ ተኾነ ብቀፃሊ ተቀሪፉ ዓለም ዝበፅሑ ክንበፅሕ ባህጊ ኩላትና እዩ!

ሰላም!
ኣሸናፊ ገ/መስቀል

ሰቆቃሽ



ኣርእስቲ መፅሓፍ

ፍልስፍና ዘርአ ይዓቆብን ወልድ ህይወትን

ትርጉም

ብሓንስ ኣብርሃ (ዶ/ር)

ፍልስፍና ዘርአ ይዓቆብን ወልደ ህይወትን ካብ ቦኽሪ ግእዝ መፅሓፍ ዝተተርጎመ ኾይኑ እዙይ መፅሓፍ ብስፍሓት ፍልስፍናን ታሪኽ ኢትዮጵያውያን (ተጋሩ) ንኣንበብቲ ብዝጥዕም መንግዲ ብቋንቋ ትግርኛ ተከሺኑ ቐሪብልኩም ኣሎ።

በዝሒ ገፅ፡ 154

ዋጋ ፡ 130.21 ብር $ 21.00

“I STILL BELIEVE”

ኣብ ሓቐኛ ታሪኽ ሙዚቀኛ ጄርሚ ካምፕን ናይ ቅድሚ ሐዚ በዓልቲ ገዝኡ መሊሳ ሊንን ተደሪኹ ዝተሰርሐ ፍቕራዊ (ሮማንስ) ትሕዝቶ ዘለዎ ፊልሚ ኾይኑ ድሕሪ መርዐኦም ብካንሰር ዝተትሓዘት በዓልቲ ገዝኡ ተስፋ ብዘይምቁራፅ ልከድሕና እንትፍትንን ኣብ ኩሉ ፀገማታ ኣብ ጎና ኮይኑ እንትከባከባን ዘርኢ ኮይኑ ከቢድ እዋን ብሓቦን እምነትን ምሕላፍ ከምዝከኣል ዘርኢ ፊልሚ እዩ።

